ትግርኛ ቨርዥን – መድረኽ ተማሃሮ

ሰላም ክቡራት ወከልቲ፤

ከም ተማሃሮ ቋንቋ ፈረንሳ ካብ ሱሩ ዝተመንቀልና ውልቀሰባት ኢና። ኣብዚ ፈረንሳይ ንሰፈረሉ ሓድሽ መሬት ረኺብና ኣለና። ንውህደትና፣ ንሞያውን ማሕበራውን (ዳግመ) ምእታውና፣ ምምሃር ቋንቋ ኣገዳሲ እዩ።

ሎሚ "ቁጽጽር ኢሚግሬሽን፣ ምምሕያሽ ውህደት" ዝብል እማመ፣ ኣብ ህሉው ኩነታት ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ሓሳብና ከንገልጽን ርእይቶና ከንህብን የተባብዓና።

ኣቓልቦኹም ናብዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክንስሕብ ንደሊ፤

- **ኩሎም ተማሃሮ ትምህርቲ ፈረንሳ ኣይረኽቡን እዮም፤**

  እቲ ናይ ስልጠና ምቕራብ ነቲ ጠለብ ዘማልእ ኣይኮነን።

  ንመጀመርታ ምዝገባ ናብ ስልጠናን ኣብ መንጎ ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ቋንቋን ርኡይ ምድንጓይ ኣሎ።

  ንኣሽቱ ከተማታት ናይ ግድን ኮርሰት ክህባ ኣይክእላን ይኾና፣ እዚ ድማ ሓደ ሓደ ግዜ ክንንቀሳቐስ ወይ ነዊሕ ርሕቀት ክንጓዓዝ የገድደና።

- **ኩነታት ትምህርትና ጽቡቕ ኣይኮነን፤**

  ኣቃውማ ደረጃ ጕጅለታት ኩሉ ግዜ ኣገዳሲ ኣይኮነን። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ደረጃታት ዝተሓዋወሰ እዩ።

  ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጕጅለ ቁጽሪ ተማሃሮ መብዛሕትኡ ግዜ ልዑል እዩ። 15 ሰባትን ልዕሊኡን ብጕጅለ ክትመሃር ኣጸጋሚ እዩ።

- **እቶም ናይ ስልጠና መደባት ናይ ግድን ንዓና ክጥዕሙ ኣይክእሉን እዮም፤**

  ኩነታትና ኣዝዩ ዝተፈላለየ እዩ።

  ገለ ተማሃሮ ኣብ ዓዶም ዩኒቨርሲቲ ክመሃሩ እንከለዉ፣ ገለ ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ ከይዶም ኣይፈልጡን። ሓደ ዓይነት ድሕረ ባይታ ትምህርቲ፣ ሓደ ዓይነት ናይ ቋንቋ ድሌታትን ሓደ ዓይነት ተረባሕነትን የብልናን። እቲ ብኦፍኣይ ዝወሃብ ናይ ቋንቋ ስልጠና እኹል ክኸውን ኣይክእልን እዩ፣ ኩሉ ሰብ ድማ ምቹእ ስልጠና ኣይረክብን እዩ።

  ብዛዕባ ስልጠና ብደረጃታት ጥራይ ምሕሳብ እኹል ኣይኮነን!

  ዝተፈላለየ ደረጃ ስልጠና የድሊ፣ ጽዑቕ ስልጠና ኣብ ሰሙን 30 ሰዓታት፣ ስልጠና 6 ሰዓታት ኣብ ሰሙን፣ ስልጠና ብቋንቋ መበቆል፣ ፍሉይ ስልጠና (ኣፋዊ ወይ ብጽሑፍ፣ ትምህርቲ፣ ሞያዊ

ዓለም ወዘተ...)፣ ናይ ዕላል ዓውደ መጽናዕቲ..........................................................................................................................

- <u>ንንኣሽቱ ህጻናት ናይ ክንክን ህጻናት ተኽእሎታት ድሩት እዩ፤</u>

  መብዛሕትኡ ግዜ ዝመሃሩ ወለዲ ኣብ መዓልታዊ መዕበዪ ህጻናት ቦታ እናተጸበዩ ትምህርቶም ከቋርጹ ይግደዱ።

- <u>ሞያዊ ዲግሪታትና ኣፍልጦ ኣይወሃቦምን፤</u>

  ነቲ ዝተመሃርናሉ ሞያ ፈጺምና ክንለማመዶ ከም ዘይንኽእል ፈሊጥና እንታይ ድርኺት ሒዝና ቋንቋ ፈረንሳ ክንመሃር ኣሎና?

- <u>ኩነታት ስራሕ ኣሰልጠንቲ መብዛሕትኡ ግዜ ኣጸጋሚ እዩ፤</u>

  ኩነታት ስራሕ ኣሰልጠንቲ ኣብቶም ተምሃሮ ጽልዋ ከህልዎ እዩ።

  ብኣድማዒ መንገዲ ንኽዕጀበና እቲ ጸጋታት ምስ ዕላማን ድሌታትን ኩሉ ሰብ ዝመጣጠን ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ልዕሊ ኣሰልጠንቲ ዝወርድ ምምሕዳራዊ ጾር ልዑል እዩ።

  ኩሉ ግዜ ንምድላው ትምህርትን ትምህርታዊ ምክትታልን ተማሃሮ ግዜ የብሎምን።

  ኣብ ትሕቲ እዚ ኩነታት መን ኣሰልጣኒ ክኸውን ይደሊ?

- <u>መብዛሕትኡ ግዜ ወለንተኛታት ኣዝዮም ተነጺሎም እዮም፤</u>

  ርሑይ ክፋል ናይ ኣቀባብላን ትምህርትን ኣብ መንኩብ ናይቶም ኩሉ ግዜ ነዚ ዘይሰልጠኑ ወለንተኛታት እዩ ዝምርኮስ። ናይ ወለንተኛታት ስልጠና ብስርዓት ክወሃብ ይግባእ።

  ስርሖምን ተወፋይነቶምን ነመስግኖም፡ እንተኾነ ግን ብበዓል ሞያ ዝወሃብ ስልጠና ክምልአ ይግባእ።

  ወለንተኛታት ንኻልእ ንጥፈታት እውን ሓላፍነት ክወስዱ ይኽእሉ እዮም፣ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ጥራይ ዘይኮነስ ምውዳእ፣ ባህላዊ ወይ ስፖርታዊ ፍጻመታት... እዚ ንኻልእ ትጽቢታትን ኣገባብ ትምህርትን ንምምላስ ዘኽእል ምኾነ።

ቋንቋ ፈረንሳ ክንመሃር፣ ኣብዚ ህይወትና ዳግማይ ክንሃንጽን ኣብ ሕብረተሰብ ክንሳተፍን ልዑል ድራኸ ኣለና። እቲ ዘሕዝን ግን ገሌና ኣብ ጉዕዞ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ብዙሕ ዕንቅፋታት ስለዘጋጥመና ተስፋ ንቖርጽ።

**ከም ተማሃሮ ቋንቋ ፈረንሳ መጠን፣ ንኽበጽሖ ንጠልብ፤**

- **ኣብ መላእ ፈረንሳይ ብሰብ ሞያ ዝወሃብ ስልጠና ቋንቋ ፈረንሳ።**
- **ንብዙሕነት ድሌታትና ዘማልእ ዝተፈላለየ ናይ ስልጠና ምቕራብ።**

- **ቀዳምነት ናብ ማእከላት መዕበዪ ህጻናት፣ ልክዕ ከም ሰራሕተኛታት ወይ ሰልጠንቲ ኣብ ሞያዊ ስልጠና።**

- **ዲፕሎማታትና ኣፍልጦን ዋጋን ክወሃበ።**

ብእኩብ "Le Français Pour tous" (ፈረንሳ ንኹሉ) ኣብ ዝካየድ ናይ ተግባር መጽናዕታዊ ፕሮጀክት ዝሳተፉን ሰባት ዝተዘተየሉን ዝተጻሕፈን እዩ ። እዚ መድረኽ ብፖልተን ቦያቺ (ማእከል ማሕበራውን ባህላውን ኣልባትሮስ፣ ሊንጎልሻይም) ዝተበገሰ ኮይኑ፣ ድሒሩ ድማ ሳላሕ ዲሳ (ማሕበር ኮራፕሊስ፣ ኒዮርት)ን ራድዋን ኢድሪስን (ማሕበር ባህላውን ምትሕግጋዝን ፍራንኮ-ሱዳን፣ ቱርስ) ተጸንቢሮምዎ። ሰለስቲኦም ነዚ መድረኽ ብተመኩሮታትን ምስ ተማሃሮ ካብ መርበባቶም ብዝገበርዎ ምልውዋጥን ኣሀብቲሞምዎ እዮም።